# ርእሰ ዓንቀጽ፡ ጭኈራፍሲ ባዕላ ሃሪማ ተእዊ




**"ዓቢ ንነገር የተዓባብዮ፡ ይሓላልኹ፡ ዝያዳ ጎነጻዊ ይገብሮ፡ ብልሂ ግን ብትብዓት ናብ ዝሓሸ ማእዝን የቕንዖ"፤ ኣልበርት ኣይነስታይን**

ጉጅለ 'ፐሮስፐሪቲ' ብዘቤታዊ መዋጥር ምሒር ተጨኒቑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ህድማ ንቕድሚት መሪጹ ኣሎ። ብቕብጸተ ተስፋ፡ ጉዳያት ንምትሕልላኽ ከባርያ ዝሕልን ዘሎ ኲናታት ንምምኻናይ፡ ብሰልበጣ፡ ሓሶትን ጠቐነን፡ ንኤርትራ ዝኸስስ ደብዳበታት፡ ካብ ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ ናብ ዝተፈላለየ ኣካላት ማሕበረሰብ ዓለም ክልእኽ ቀንዩ። ከምቲ ምስላ ዓረብ ዝብሎ፡ "ሃሪሙኒ በኸዩ፡ ቀዲሙኒ ጠሪዑ" እዩ ነገሩ።

እዚ ስልቲ'ዚ ሓድሽ ክስተት ኣይኰነን። ናይ ሕጂ ሓለቓ ስታፍ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ ቃለ-መጠይቕ፡ "ኣብ ኲናት ኢትዮ-ኤርትራ 1998፡ መጥቃዕቲ ባዕልና ጀሚርናዮ ከለና፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣጥቂዑና ክበሃል ሰሚዕና 'መንግስቲ'ኸ ይሕሱ ድዩ ኢልና ኣብ ክንድኡ ሓፊርና" ኢሉ ነይሩ።

ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ተኹታኹ ዘመተ 'ፐሮስፐሪቲ' መን ይርስዖ?

"ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህላወ ጉዳይ'ዩ፡ እንተስ ብሰላማዊ መገዲ እንተስ ብሓይሊ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልወና ኣለዎ፡ ኣብ ግዜ ምኒልክ፡ ብመጠኑ ደርግን ኢህወደግን ኣፍደገ ባሕሪ ከንውሕስ ኣይከኣልናን፡ እቲ ምቹእ ግዜ ሕጂ እዩ፡ ናይ ጂኦግራፍ እሱራት ኴንና ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፡ ባሕሪ እንተ ዘይሃብኩምና ውሕጅ ኴንና ክንጸርገኩም ኢና፡ ብዙሓት ስለዝኾንና ኣፍደገ ባሕሪ ክንውንን ኣህጉራዊ ሕጊ ይፈቕደልና እዩ፡ ዓባይ ሃገር ባሕሪ ዘይብላ ርትዓዊ ኣይኮነን፡ ናጽነት ኤርትራ ሕጋዊ ኣይኮነን፡ ኣብ

ረፈረንደም ህዝቢ ኢትዮጵያ ድምጹ ኣይሃበን፡ ወደብ ዓሰብ ናትና እዩ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ከነምልሶ ኢና፡ ኣብ ዓሰብ ኮሪደር ልምዓት ከነተግብር ኢና፡. . .” ሃለፍታ ናይቲ ጽላለ መወዳእታ የብሉን።

እዚ ኩሉ ንልኡላውነት ኤርትራ ዝደናደን፡ ንረዚን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዘቋናጽብ፡ ንኲናት ዝተኻቱኹ ቁዘማን ታህዲዳትን እናሃገገ፡ ኤርትራ፡ ካብ ሕሱር ዜናዊን ዲፕሎማስያውን ዘመተ ተሓዪባ ምንጻሓ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ከም ዝተራእየ መንግስታት ኢትዮጵያ፡ ብቅኑዕን ወድዓውን መገዲ ሽግራቶም ኣብ ክንዲ ዝፈትሑ፡ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ንግዳም ንምቕናዕ፡ ንኤርትራ ክሽሱ እዮም ዝኽየዱ። የግዳስ ሎሚ ንህዝቢ ኢትዮጵያ፡ በዚ ብሉይን ፍሹልን ሜላ'ዚ ኣደናጊርካ፡ ናብ ሓዊ ክትጠብሶ ዝከኣል ኣይኮነን። ክፍለዋ ዘለዎ ሓቅታት፦

- ኤርትራ ካብቲ ብብይን ኮምሽን ዶብ ዝተሓንጸጸን ዝተመልከተን ኣብ ካርታ ዓለም ዝሰፈረን ኣህጉራዊ ዶብ ወጻኢ፡ ዝሓዘቶ ስድሪ መሬት የለን። እዚ ሓቂ'ዚ ኩሉ ኣብ ፍትሕን ርትዕን ዝኣምን ኣማእዝዩ ዝፈልጦ ጉዳይ'ዩ። በዚ ዘሎ ቴክኖሎጂ ድማ ዘወላውል የብሉን መመሳመሲ ንኲናት'ውን ክኸውን ኣይክእልን።
- እቲ ዝቐረበ ጠቐነ፡ “ውዕል ሰላም ፕሪቶርያ ምስ ተኸተመ፡ እቲ ንግጭት ሰሜን ኢትዮጵያ ከም ዕድል ንምድኻም ኢትዮጵያ ዝረኣዮ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣዝዩ ተጻባኢ መገዲ'ዩ ክኸተል መሪጹ።” ይብል። እዚ ፍጹም ሓሶት'ዩ። ብሓፈሽኡ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኮነ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝኽሰት ውጹእ ውሽጣዊ ሽግር ብዝምልከት፡ መርገጺ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ብተደጋጋሚ ዝተገልጸ — ንጹርን ዘየሻሙን እዩ። ዘቤታዊ ጉዳያት ካብ ምእህንርን ካብ ዘየድሊ ምትእትታውን ተሓዪብካ፡ ሰብ ጉዳይ ዘላቒ ፍታሕ ንኸምጽኡ ምትብባዕን ምድጋፍን እያ ትኣምን።

በዚ መትከላዊ እምነት'ዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ጸጥታን ዞባና ከውሕስ ዝኽእል ርእይቶኡን መትከላቱን ኣነጺሩ እናገለጸ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት'ዚ ዞባ፡ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዘደንፍዕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶን ብግብርን ውፉይ ጻዕሪ ከካይድ ምጽንሑ ኩሉ ዝምስክሮ እዩ። ኣብቲ ፈለማ ብልጽግና ቀርበት በጊዕ ተኸዲኑ ምስ መጸ፡ መንግስቲ ኤርትራ

**ዘይተቼጠበ ደገፍ ዝሃቦ እውን ካብዚ መትከላዊን ቅዱስን ዕላማ ብምንቃል እዩ።**

- ***ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ መንጎ ጐረባብቲ ህዝብታት ጽልኢ ብምስዋር፡ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ንግዳም ብምቕናዕ፡ ኣብ ገዛእ ህዝብኻ መትሓዚ ዘይብሉ ሓድሕዳዊ ኵናት ኣባሪዕካ ንቕድሚት ብምህዳም፡ ክፍታሕ ዝኽእል ግድላት የለን። ኣብ ክንድኡ፡ ብሰፊሕ ኣእምሮ፡ ቀይሕ መስመር ከይሰገርካ፡ ንሰላምን ምትሕብባርን ህዝብታት ምውፋይን ምትባዕን የድሊ። ከምቲ ኣሪስቶትል ዝበሎ፡ "ውግእ ካብ ምስዓር ንላዕሊ፡ ሰላም ምህናጽ እቲ ዝበለጸ ዓወት እዩ።***

**Jul 1, 2025**